ኣ

# እዛ ሓሳድ ዓይኒ! ክሳብ ትነቕር፡ ደም ቅንኢ ክትዓቕር፡ ጸጸኒሓ ክትነዝዕ፡ ካን ዶ! ኮይንዋ'ዩ?

ተወልደ ብእምነት

(ካልኣይ ክፋል)

ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ፡ ብሓባር ክንተናኸፎ ዝጸናሕና ነጥብታት፡ ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ዝምዕብል ዘሎ ሓቅታት፣ ወያነ ነቲ ኣብ ኤርትራ ብተላኣኣኸነት መጋበርያ ኮይኑ ክፈጥሮ ዝጸንሐ ጸገማት፡ ክንፍታት ተልእኾኡ ተሰላሊዑ፡ ሎሚ ናይ ምግባርን ምኽዳምን ኣኻእልኡ ክዳኸም እንከሎ፤ ኣብ ኢትዮጵያ ኸኣ፡ ከም ስርዓት ንቀጻልነቱን ህላውነቱን፡ ዘየዋጽእ፡ ሓያል ዘይዕገት ተጻብኦታት ካብ ህዝብን ሰራዊትን ክገጥሞ፡ ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ፖለቲካዊ ወጥርን ቅልውላውን እናተለለወ ኢዩ። ብፍላይ ነቲ ካብ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ዝተኳኖፎ ሓያል ጽፍዒት፡ ኣብ ሓጺር ጊዜ፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ምኩራት ላዕለዎት መኮንናት፡ ብተኻታታሊ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምህዳም፡ ካብኡ ሓሊፉ ካብ'ቶም ናተይ ዝብሎም ከይተረፉ (ኣብረርቲ ኣየር) ሄሊኮፕተር ሒዞም ምስዋር፡ ነቲ ጃንዳ ሓንቲ ካብ'ተን ንኣእምርኡ ዝሰወረት ወቕዒ ብምንባራ፡ እዛ ኣብ'ታ ዝሓለፈት ሰሙን ዝፈነዋ ቴፕ፡ ናይ ሓዘን መግለጺ፡ "ወፍሪ ሆሊኮፕተር ኤምኣይ-35" ዝብል ስያመ ዝተዋህባ መልቀስ፡ ብመልክዕ ሙዚቃዊ ድራማ፡ ብጥንቃቕ፡ ብምኩር ኣልቃሲ (ኣልቓሽ) ተቐሪጻ ናብ'ተን ብጎድኒ ዘቐመን መርበባት ሓበሬታ፡ ትግራይ ኦንላይን፡ ዓዋተ፡ መስከረም፡ ኣውራምባ፡ ኣስማሪኖ፡ ኣሰናን ከም እትጋማዳሕን ተጌሩ። እቲ ዘገርም፡ ኣብ'ተን ብወግዒ ዝፍለጣ መራኸቢ ብዙሓን'ቲ ስርዓት ኣይተዘርገሐትን። እታ ፈነወ ናይ ሽርሕን ቅጥፈትን ምኺና ድማ ኣቀዲምካን ኣጸቢቕካን ንኽትፈልጥ ጊዜ ኣይወሰደትን። ኮይኑ ግን፡ ኣብ'ዚ ዝቕጽል ዝርዝራተይ፡ እታ ቴፕ ከተማሓላልፎ እተደለየ፡ ጨመተኣ ናብ መን ከም ዘነጻጸረት ሓደ-ሓደ ነጥብታት ክጠቅስ።

- ብመጀመርያ ናብ'ቶም ደገፍቲ እቲ ስርዓት ዝጠመተ ኾይኑ፡ ብምኽንያት ጭውያ ሆሊኮፕተር ኤምኣይ 35. ኣእምርኦም ዝተረበሸ፡ ከም ሕሱም ዝዓበዱ ወገናቱ፡ "ሆሊኮፕተርና ትመለስ" ኢሎም ፈንጠራዕ ዝበሉ፡ መደዓዓስን መጸናንዕን ጸበል እንተኾኖም ተባሂሉ፡ ዝተደርሰ ምኺኑ ኣማትእን።
- በቲ ኻልእ ድማ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዜና ናይ'ቶም ነፈርቲ ውግእ ሒዞም ዝተሸርቡ መኮንናት ምስ ሰምዐ፡ ሓጎሱን ሞራሉን፡ ወሰን ኣይነበሮን። ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ እቲ መልእኽቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ "ባህ ኣይበልኩም" ታህዲድ ምንባሩ፡ ምስ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝኽተሎ ዝነበረ ሜላታት ኣብ ግምት ኣእትኻ፡ ንኽትርዳእ ኣየጸግምን።

ኣብ'ዚ ክጥቀስ ዘለዎ፡ እቶም ሆሊኮፕተር ሒዞም ዝተሰወሩ መኮንናት፡ ከም ኢትዮጵያውያን መጠን ኣብ'ቲ ስርዓት ከገልግሉ ዝጸንሑ፡ ብሰንኪ ዘይቅኑዕ ኣተኣላልያ ምቅዋሞም ክሃድሙ ተገዲዶም። ብድሕሪኦም ድማ ከም ከዳዓትን ጠላማትን ክኽሰሱ፡ ምስ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ኣመሳሲሉ ክዝልፎም ምስማዕ፡ ዘገርም'ዩ። እዚ ዓይነት ውርደት፡ ነቶም ገና ኣብ ትሕቲኡ ዘገልግሉ ዘለዉ እውን፡ ጽባሕ ተመሳሳሊ "ሽልማት" ዝጽበዮም ዘሎ ዕጫ ምኺኑ ፍሉጥ'ዩ። ብዓይኒ ፍትሕን ርሕራሐን ክርአ እንከሎ ግን፡ እዞም ዜጋታት ኢዚኣቶም፡ ነዘን ደም ህዝብታት ከፍስሳ፡ ንብረቱ ከዕንዋን፡ ልምምድ ዝገብራ ዝነበራ ሓጻውንቲ፡ ሒዞመን፡ ካብ'ቲ ናይ ደም ቦታ ምእላዮም፡ ህይወት ንጹሃት ዜጋታት፡ ካብ ምጽናት ዘድሓኑ፡ ሓላፍነት ዝስምዖም ዜጋታት ኢዮም። ክብሪ ኸኣ ይግብኦም። እቲ ከሓድን ዩሁዳን ዝብል ቅጽል ስም ግን፡ ብግልባጡ ነቲ በሃሊኡ ኢዩ ዝግባእ።

ምናልባት ምስ'ዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ነጥብታት ኣዛሚድካ ክርኣዩ ዝግብኦም፡ ኣገደስቲ ሓበሬታታት፡ እዚ ጃንዳ ኣቀድም ኣቢሉ ብኸመይ መንገዲ ክመጽእ ከም ዝጸንሐ፡ ብዝበለጸ ንምስትብሃል ዝሕግዝ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ምስ እንቋመት ፡ ኣብ ሓደገኛ ናይ ራዕድን ሽበራን ተግባራት ኢዩ ተጸሚዱ ጸኒሑ። ምጥላፍ መራኸቢ መስመራት ቴሌፎን ኢንተርነትን፡ (ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቊጽጻሩ) ምዕፉንን ምስንኻልን መርበባት ሓበሬታ፡ ምጽልማት ፈነወ ተለቪጅንን ረድዮን (ናይ ፈተውቱ ዝኾና መንግስታት ከይሓደገ) ንነዊሕ ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣጻያፊ ተግባራት፡ ንሓቂ ካብ ህዝብታት እቲ ከባቢ ንክኸውል፡ ዘይሕጋዊ ስርሓት ክፍጽም ምጽንሑ ዝሕብሩ ኣብነታት እዮም። ኣብ ታሕቲ፡ ንመርኣዪ ዝኾኑና ካብ ሓደ-ሓደ ምንጭታት ሓበሬታ ዝተረኽቡ፡ ነቲ ክንብሎ ዝጸናሕና ነጥብታት እውን ከም መራጎዲ ተጠቂመሉ ኣለኹ።

The Ethiopian government appears again to be using Internet spying tools to attempt to eavesdrop on journalists based in suburban Washington, said security researchers who call such high-tech intrusions a serious threat to human rights and press freedoms worldwide. The journalists, who work for Ethiopian Satellite Television in Alexandria, Va.,...



## Hacking Team Reloaded? US-Based Ethiopian Journalists Again Targeted – Authors: Bill Marczak, John Scott-Railton, and Sarah McKune

---------- Forwarded message ----------
From: **freweini araya** <fretar19@yahoo.com>
Date: Fri, Dec 19, 2014 at 6:36 AM
Subject: "ምርጫ" 2007
To: [redacted]

Dear Neamin,
Please find attached a word document regarding what the Woyanes are stealthily up to here in Addis for the "election" they say they are going to held around the end of this year. Please note that I have temporarily changed my email to this one.

Regards
Fre (የብዕር ስም)

## [Ethiopia is hacking US journalists with commercial spyware](#) -

Ethiopia's government is among the most oppressive political regimes on the African continent, recent implementation of off-the-shelf spyware from **Italian security firm Hacking Team**, Ethiopia's leaders can--and have been--expanding their despotic reach far overseas.

ቀጺልና፡ ነቲ ናብ ኤርትራን ህዝባን፡ ዝቐንዐ መልእኽቲ ምስ እንርኢ፡ ሓድሽ እኳ እንተዘይ ተባህለ፡ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ፡ "ጓህን ቃንዛን ታህዲድን ዝተሓዋወሰ ሙዚቃዊ ልቓሶ" ካብ ምባል፡ ካልእ ትርጉም ዝወሃቦ ኣይኮነን። ኣብ'ቲ ፈኸራዊ ሸነኹ፡ ሓንቲ ናይ ልቓሕ ቃል ጥራይ ኢያ ተወሲኻታ፤ "ማርሻ ለዊጥና" እትብል ተለቂባታ።

እንተ ንሻቕሎት፡ ንምፍርራህን ተባሂሉ ዝተበተነ እንተኾይኑ ግን፡ ንመዛግብ ዝኽሪ ኤርትራውያን ኣብ'ዞም ናይ ቀረባ ዓመታት ጥራይ (ብጀካ እቲ ኣብ ስርዓታት ሃይለ ስላሴን ደርግን ዝሰማዕናዮ ዲስኩራት ገዲፍና) ዝተፈነዉ ስነ-ኣእምራዊ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ መቑጸሪ ኣይነበሮን። መልሱ ድማ፡ እቲ ኣብ ልብን ርእስን ኤርትራውያን ተኸዚኑ ዘሎ፡ ሕልፉን ህልዉን ዝኽሪ መዛግብቲን ሃብታም ተመክሮታትን፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ዝኽርታቱ በርቢሩ፡ ኣዛሚዱ ክርእዮ

ከም ዝኽእል ኢዩ፡ እምንቶ ናይ ኵላትና።

ኲላትና፡ ባዕላትና ኣረጋጊጽና እንፈልጦ፡ ሓባራዊ መረዳእታን ኣፉልጦን ሒዝና'ውን ክንመጽእ ከም ዝጸናሕና መጠን፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ¾ ዘመን ዘቍጸረ ጉዕዞ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ፍጡር፡ ኣፍና፡ ንናጽነት ከየድምጽ፡ ድምጽና ንምዕባስ፡ ዝተኻየደ ምፍርራሕን ታህዲድን ኣዲኡ ትቍጸሮ። እዚ ከይኣክል፡ ምእሳርን ምቕንጻልን ንዝክር። ዓድታት ብናፓልም ክዓንዋን ክባድማን፡ ሰባት ብህይወቶም ብሰንሰለት ታንክ ክጠሓኑ፡ ማልን ጥሪትን ብኣልማማ ክሕረዳ፡ ኣግራብና ክበርስ ክነድድ፡ እዚ ኹሉ፡ ብጀካ'ቲ ኣብ ርእሲኡ ዝፍኖ ዝነበረ ዘርዕድ ተደራቢ ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘመተ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ተጋደልቲ ደቁ ከየስንቕ ከይሕብሕብ፡ ሪዒዱ ካብ ተወፋይነቱ ንኽዕገት ተባሂሉ፡ ብጸላእቲ ዝተገብረ ግፍዕታት፣ ንትብዓትናን ንቅሩብነትናን ኣይቆጸዮን። ኣይተዳሃልናን ኣይተምበርከኽናን ድማ። ኩልና ኣጸቢቕና ብሓበን እንፈልጦ ዝኽሪ ምንባሩ፡ ዓለም እትቐንኣሉ ፍሉይ ኤርትራዊ ሕላገት።

እዚ ከዳዕ ጃንዳ፡ ብግዲኡ፡ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ብዝኸፍአ መልክዕ፡ ነቲ ብሓይሊ ብረት ከረጋግጾ ዘይከኣለ ውጥን ምኹላፍ ናጽነትና፣ ኣብ ካልእ ሽርሓታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ቀጻሊ ኣእምባዊ ኲናት ጸቒጡ ኢዩ ጸሚዱ ጸኒሑ። ብመጀምርያ፡ "ንገረብ ብሓኽላ" ከም ዝበሃል፡ ገለ ባእታታት፡ ካብ'ዚ ካልኣይ ጥምጥም ጉዕዞ ሃገራዊ ህንጻን መኸተን ዝተኣኣልዩ፡ ሕልና ዘዕረቡ፡ ዓሲቡ፡ ዕንቅፋታት ክገብር ክፈታትን ጸኒሑ።
ብመምሪሒታቱ ድማ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን፡ ካልኦት ክፍለ ዓለማትን፡ ብዝተፈላለየ ሕብርታት ዝተፈላለየ ተልእኾታት ክፍጽሙ ተዓዚብና። ተመኪቶም እውን።
ወያነ፡ ንጸይቅን ጸለመን ዝፈስስ ገንዘብ ተጸጊሙ ኣይፈልጥን ኢዩ። ካብዝን ካብትን ኢሉ ዝረኸቦ ናይ ልምዓት ሓገዛት፡ መሬትን ሃብትን ድኻታት ኢትዮጵያውያን ሓርጁ ዝሓፍሶ ዶላራት፡ ዝሸመቶ ዘበናዊ ናይ ርክባት መሳርሒ፡ መጥለፊ መሳርያታት፡ ብዝሕን ዓይነትን ንዕው ዝኣልዩ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት ተጠቒሙ፡ ንህዝቢ ኤርትራን፡ ህዝቡን፡ ኣህዛብ ናይ'ቲ ከባቢን ብሓፈሻ፡ ሰላም ክዝርግ ምጽንሑን፡ ብዝለዓለ እቕጽል ምህላዉን፡ ኣጸላምን መጋገይን ሓበሬታታት ከራብሕ፡ ከናቖትን ከም ፖሊሲ ሒዝዎ'ሎ።
ብርግጽ ከኣ ከምኡ ምኺኑ ዝሕብረና፡ ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ፡ ነቲ ኣብ ሃገር የመን ተኸሲቱ ዘሎ ሕድሕዳዊ ኲናት መዝሚዙ፡ ነቲ ዘሕዝንን ዘሰክፍን ክስተታት፡ ኣብ ክንዲ ሃናጺ ኣበርክቶ ምልጋስ፡ ንጸቢብን ልሙድን ፖለቲካዊ ኣመንዝራነቱ ዘቃልዕ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ ሃገራት ኣዕራብ ክቃሓሕር፡ ፈጠራዊ ክስታት ከናፍስ ተቓሊዑ ኣሎ። ኣቀዲሙ፡ ምስ ኣሕዋት ኣፍሪቃውያን ከባእስ፡ "ኤርትራ ዝመልመለቶም ኣሸበርቲ፡ ኣብ ህንጻ ሓድነት ኣፍሪቃ ተተኳሲ ከጻውዱ ሒዘዮም" ኢሉ ከጣቐስ፡ ተቓሊዑ። ሕጂ እውን፡ ነቲ ሓንሳብ፡ "እስራኤል ኣብ ደሴታት ዳህላክ ወታሃደራዊ መደበር ኣለዋ" እንሓንሳብ ድማ፡ ግልብጥ ኢሉ፡ ኣብ ከባቢ ዓሰብ "ኢራን ወታሃደራዊ መደበር ኣለዋ" ዝብል ምህሙን ዘነውር ፈጠራዊ ክሲ፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ዝገራጮ ዘረባታት፣ ወልፊ ናይ ወረ ምጒሳም ዘለዎም ኣካላት እኳ እናዋሓዱ እንተኸዱ፡ "ወዲ ድሙ ነይገድፍ ግብረ እሙ" ኮይኑ እቲ ጽዋ፡ ሕጂ'ውን እዚ ጃንዳ፡ ካብ'ዚ ሓደገኛ ኣመል'ዚ ክላቐቕ ዝሕሰብ ኣይኮነን።
መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ኩነታት ዘርኢ መግለጺ፡ ኣብ ናይ 31 መጋቢት ዝተዘርግሐ ናይ 11 ነጥብታት ርእይትኡ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ናይ ዕለት 2 ሚያዝያ ኣስፊርዎ ኣሎ።

<u>መጠቓለሊ፡</u>
እምበኣርከስ፡ እዛ ዝተባህለት ቴፕ፡ "ልቕሶ ሆሊኮፕተር ኤምኣይ-35" ከም'ቲ ጃንዳ ዝሓለሞ፡ ሰባት ከየሻቐለት፡ መልእኽቲ ከየመሓላለፈት በርዒና ተሪፋ። እንትርፎ ውርደትን ሕስረትን፡ ዘመዝገቦ ዝጭበጥ ውጽኢት ኣይተረኽባን። እቲ ዘመሓላለፈቶ መልእኽቲ ግን፡ ብኣንጻሩ፡ እዚ ስርዓት፡ ክሳብ ክንደይ ብዓቕሊ ጽበታዊ ስቓይ ይሕመስ ምህላዉ፡ እቲ ኣልቃሲ በቲ ኪኢላዊ ሞዩኡ ጥራይ ተዛናጊዕና። እቲ ቀንዲ ጉዳያት፡ ናብ ከም'ዚ ዓይነት ሕስረት ክቓማጣዕ ዝደፋፍአ መበገሲ ግን፡ ከም'ቲ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ሰፊሮም ዘለዉ መግለጺታት ብብሩህ ኣብነታት ሰፊሩ ኣሎ።
እዚ ጃንዳ ኸኣ ንግዚኡ፡ ገና በዚ ብፖለቲካዊ ፈንጅታት ዝተረበ ሓደገኛ መንገዲ ክኸይድ ክቕጽል፡ እታ ሓሳድ ዓይኒ፡ ክሳብ'ቲ ዕቛር ደም ቅንኢ፡ ነዚዑ ዝጽንቀቕ፡ ተውዲኡ ኸኣ እትዓውር፡ ምርብራብ ክቅጽል ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!!
4/02/2015